

## ልኡላዊ ናይ ዮሃና መልእኽቲ

# ክቡርን ልኡልን ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ
# ክቡርን ልኡልን ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ኤርትር
# ክቡርን ልኡልን ኣቦ ወንበር፣ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን



ክቡርን ልኡልን ፕረሲደንት የማነ ገብረኣብ፣
ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ።

ምውቕ ሓርበኛውን ልኡላውን ሰላምታይ ተቐበል።

ቀጺለ ብስም ኩሎም ደቀባት ኤርትራ፣ ልኡላዊ ናይ ዮሃና መልእኽተይ ብትሕትና ደኒነ የቕርበልካ። ሓጎስካ ሓጎስና ኢዩ፣ ልኡላዊ ክብረትካ ክብረትና ኢዩ።

ክቡርን ልኡልን ፕረሲደንት የማነ ገብረኣብ፣ ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ፣ በዚ ኣጋጣሚ ንሸኻ ኮነ ንሕና ወይከኣ ፕረሲደንት ነበር ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ይኹን መላእ ህዝቢ ኤርትር ፈጺምና ዘይተጸበናዮ ኮኾብ፣ ናጨባ ኣብ ምድረ ኤርትር ወዲቑና ይርከብ።

ንሱ ኸኣ ሰብ እንታይ ሓይሊ ኣለዎ ዘይፈጣሪ፥ ኣምላኽ ኮብኩቡ ኣምጺኡልካ ዘሎ ልኡላዊ ዕድል ሓንገጎፉይ ኢልካ ተቐበሎ። ናይ ክቡር ልኡል ፈጣሪና ኣምላኽ ፍቓድ ሰሚሩ እንሆ። ሕጅስ ግዴኻ ክኸውን ኣምላኽ ባዕሉ ኣብሪቕዎ እንሆ።

ኣምላኽ ነዚ ሓላል ህዝቢ ኤርትራ ባዕልኻ ምርሓዮ፥ ዝብል መልእኽቱ የዕስለልካ ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣምላኽ ባዕሉ ካብ ኣርኣየካስ፥ ንሕና'ውን ብኣኻ ተመሪሕናን ተማእዚዝናን ክንከይድ ብጣዕሚ ሕጉሳት ኢና ዝብል ድልየቱን ምርጭኡን የቕርበልካ ኣሎ። ንሸኻ ድማ ሕራይ ግዙእኩም ኢልካ በጃኻ ተቐበለና።

እቲ ኣምላኻ ዝሃብካ ትምህርትን ጥበብን መንግስታዊ ተመክሮን ተጠቒምካ፥ ብሓድሽ መንፈስ፥ ብቕንዕና፥ ብልቦና፥ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ወይ ቁርኣናዊ ምኽርን ግዝኦትን ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ ኴንካ ነዘን ናይ ፈለማ ወሰንቲ ናይ መቐይሮ ኣርባዕተ ዓ መት ክትመርሓናን ከተማሓድረናን ምኳንካ ብኣምላኽ ዝተባረኸ ወድዓውነት ኣብ ኤርትራ ተፈጢሩ ይርከብ።

ክቡርን ልኡልን ፕረሲደንት፥ ኣብ መበል 16 ዓመት በዓል ነጻነት ኤርትራ ብርኡይ ዘንጸባረቐ ክውንነት፥ ተቐባልነትን ምምሕዳርን ናይ ፕረሲደንት ነበር ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ደገን ኣብ ከባቢ ግሎብን ብተግባር እናንቀልቀለ ክመጽእ ድሕሪ ምሕጋይ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ህሞት ዳርጋ ናብ ፍጹም ውድቀት ኢዩ በጺሑ ዘሎ። ከየጋነንኩ። ስለዝስ ሃገርን መንግስትን ኤርትራ ነዚ ናብ ፍጹም ውድቀት ዝኸደ ኣሉታዊ ምዕባሌታት ቀልጢፉ ከዐርዮ ጠለባት ናይ ህዝብን ተቓወምቲ ኣካላትን ስለዝተጓሃሃረ፥ ንሸኻ ብዝሓሸ መልክዑ ከተዐርዮን ክትኣልዮን ስለትኽእልን፥ ነዚ ዝጸንሐ መንግስቲ ድማ ብቐረባ ውሽጡን ውሻጢኡን ኣጺቢቕካ ስለትፈልጦን፥ ንሸኻ ክትመርሓና ይሓይሽ ዝብል ርእይቶታት ናይ ዜጋታት እንሆ ፍቐድኡ ነጊሱ ይርከብ።

ብወገን ድልየት ህዝቢ ኤርትራን ናይ ተቓውሞ ኣካላቱን ድማ ኣብ ኤርትራ ዝጸንሐ ናይ ምምሕዳር ፕረሲደንት ነበር ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፥ ለውጢ ክግበረሉ፥ ንባዕሎም ኣቶ ኢሳያስ'ውን ን16 ዓመት ኣብ ስልጣን ስለዝጸንሑ፥ እሞ ካብ ዝግብኦም ንላዕሊ ኣብ ስልጣን ስለዝጸንሑ፥ ህዝቢ ሓድሽ መራሒ፥ ሓድሽ ገጽ ክርኢ ናይ ለውጢ ሕቶታት ንሓይሎ ዓመታት ከረሳስኑ ድሕሪ ምጽናሕ፥ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ናይ መቐይሮ ህሞት ግን ግድን ለውጢ ክግበር ኣለዎ ኢሉ ስለዝጸንዐን ስለዝጠለበን እንሆ እቶም ግዱሳት ዜጋታት ንበሃል፥ ንዓኻ ክንመርጽ ብሂግና ኣሎና። ካባኻ ዝሓይሽ ሰብ፥ ኣብ ክሊ ሕጂ ዘሎ መሪሕነት ህ.ግ.ደ.ፍ. ክንረክብ ከምዘይንኽእል ከኣ ግንዛቤና ረጢቡ ዘስተውዓሎ ጉዳይ ኢዩ።

ባህግና ኮነ መርጫና ህያው ክኸውን ብሕጂ ናትካ ጽቡቕ ፍቓድ ክንሰምዖ ኢና። እንተኾነ ግን ጠለብ ህዝቢ ከምዘይትነጽጎ ኣጸቢቕና ስለንተኣማመን፥ ከም ሕራይ ዝበልካና ዉሁብ ወሲድና ድሮ ኣብ ከባቢ ናትና ናይ ተቓውሞ ድምበታት ከም ደፋክቶ ወይከኣ ተግባራዊ ፕረሲደንትና ክኽብሩኻን ክቕበሉኻን ድሮ ሎቢታት ክንገብር ተንቀሳቒስና ኣሎና። ኣብ ዝስዕብ መደብና ከኣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ፥ ንሓይልታት

ምኽልኻላን ንጀነራላትናን ሚኒስተራትናን ላዕለዎትን ታሕተዎትን ሰበ ስልጣናትናን ሚድያዊ ጸዋዒት ክንገብረሎም መደባት ሰሪዕና ኣሎና።

ነቶም ክፉታት ቦታታት ናይ ኣማኸርቲ ጽፍሕታት፣ ብብቕዓት ክንወዳደር ንደሊ ግዱስት ዜጋታት ድማ ረዘሚታትና ንልኣኽሉ ናይ ፋክስ ቁጽሪ ስልኪ ክትህበና ብትሕትና ንሓተካ። ነጻ ውድድር ክትገብሮ መደብ እንተድኣ ሃሊዩካ።

ክቡርን ልኡልን ፕረሲደንት፣ ደጊም ብርእሰ ተኣማንነት ረጊጽኻ፣ ብዝቐልጠፈ ግዜ ምስ ፕረሲደንት ነበርን ምስ ሚኒስተራትካን ተኣኪብካ ኩሉ ዘድሊ፣ ስልጣን ናይ ምትሕልላፍ መስርሕ ናይ ምብጋሱ ጉዳይ ናይ መዝነትካ ልኡላዊ ሓላፍነት ኢዩ።

ኣምላኽን ህዝብን ድማ ምሳኻ ኢዩ ዘሎ። ናይዚ መረጋገጺ ድማ፣ እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ፎትግራፍ ኢያ። ኣብ ስታድዩም ኣስመራ፣ ኣብ ትሕቲ በረኽ ዝበለት ጸሓይ ምስ ኩርዓትካ፣ ሓበንካ፣ ምስ ግርማኻ፣ እሞ ኣብ ድሕሬኻ ቀይሕ፣ ጻዕዳ፣ ሓምላይ፣ ሰመያዊ፣ ሓምራይ፣ ሸሮዋይ፣ ጸሊማይ ዝሕብሮም ሽሾ ኣህዛብ ከም ናባኻ ገጾም ጌሮም ንሸኻ ድማኒ ዓበይቲ ህያው መብጽዓታት ክትፍጽመሎም ብውሽጢ ልብኻ ጥዋፍ ዝበርሃካ ሓድሽ ምዕሩግ መራሓይ ኴንካ ኣብ መድረኽ ክትሳኣል ምብቃዕኻ፣ እኹል ፋል ኢዩ።

ኩለን እተን ብወግዒ ዝወጻ ናይ ጽምብል ፍቶግራፋት እንተላይ ናይ ፕረሲደንት ነበር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣይግድን ነበራ። ኣርቲፊሻላውን ብቑሪ ከድከድ ዝበላን ብኣሰራት ምዩቕታ ዝተዋሕጣን ፎቶግራፋት ነበራ። እዛ ናትካ ፎቶግራፍ ምስ ሻምካን ውሽጣዊ ሽምዓኻን ግን ንበይና ተፈልያ ምስ መዓት ጸሓይን ሙቐትን ምስ ኩሉ'ቲ ዘለላ ዝኾነ መንፈሳን ኩርዓታን ኻክትርእያ ደስ ተብል እንኮ ፎቶግራፍ ነበረት።

እዛ ፎቶግራፍ ርእይ ምስ ኣበልኩዋ፣ ነብሰይ ሽዓ ሽቕ ኣበለትኒ። ሽዓ ንሽዓ ድማ፣ እዚ ወዲ ሰሪ ኣለዎ፣ በልኩ። እዚ ወዲ ኣማን ብኣማን፣ ዓለም መዓት ባህርያዊ ትዕ ድልትታት ሸሊማ ዝሓረየቶ ልኡላዊ ሰብ ኢዩ። ድማ በልኩ። ክንሰግደልካ ም኿ንና ከኣ የዐርየ ተረዳእኩ። ወድዓውነት ድማ ሓንጎፋይ ኢለ ቀልጢፈ ተቐበልኩ። ይሙን፣ ንሸኻ'ውን ከምኡ ውድዓውነት ሓንጎፋይ ኢልካ ቀልጢፍካ ተቐቢል። ናይ ኣምላኽ ሓይሊ ኢዩ። ናትካ ኣይኮነ ናትና።

ምስ ዕዙዝ ናይ ክብሪ ሰላምታ።

ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ቶሮንቶ፣ ካናዳ
መይ 30፣ 2007

(416) 858 9305
haileokbe@yahoo.com